ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ንናይቲ ቤት ፅሕፈት አገልግሎት ዝዉዕሉ ናይ ቲዩታ ላንድ ኩርዘር መኪና መለዋወጢ ኣቀሑትን : ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቀሑትን ካብ መደበኛ በጀት ብግልፂ ጨረታ ክዕድግን አገልግሎት ክረክብን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሚያዝያ 12, 2018 (ቅድሚ 7 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 14, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ናይ ቲዩታ ላንድ ኩርዘር መኪና መለዋወጢ ኣቀሑትን 5000 ቅርሺ : ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቀሑትን 20000 ቅርሺ
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:2000
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 14, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

1 ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝከፈልኩም በቲ ዘፍር ዝተሐደሰ ፈቃድ ንግዲ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትክእሉ

2 ናይ ነጋዳይ መፍለይ ቁፅሪ ክተቅርቡ እትክእሉ

3 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ምስክረ ወረቀት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትክእሉ

4 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብክምሉ መረዳእታ ናይ ወርሒ የካቲት 2018 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥቅመሉ መረዳእታ ማለት ዲክለሪሽን ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትክእሉ

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት 29/7/2018 ክሳብ 13/8/2018 ዓም ሰዓት 11:00 ዘይምለስ 2000 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራትን ከይዲ ስራሕ ትልምን በጃትን ፋይናንስን ዕደጋ ንብረትን ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 102 /1 ምዉሳድ ትክእሉ

7 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምካፈቱ መከበሪ ጨረታ ናይ ቲዩታ ላንድ ኩርዘር መኪና መለዋወጢ ኣቀሑትን 5000 ቅርሺ : ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቀሑትን 20000 ቅርሺ ብቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ስም ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዝ ዝክእል

8 ሰንዱቅ ጨረታ 14/8/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓሺጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት እንተዘይተረኪቦም ግን ንምክፋት ዝዓግቶ ነገር የለን

9 ዝምላእ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን ይግባእ

10 ኣብቲ ዝተመለአ ዋጋ ብዛዕባ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኮይኑ እቲ ዝተመለአ ዋጋ ምስ ቫቱ ከምዝተመለአ ኣብ ግምት ይኣትዉ

11 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክቅንስ ይክእል እዩ

12 ኣብ ነብሰወከፍ እቲ ሰነድ ናይቲ ትካል ማህተምን ፊርማን ክግበረሉ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0920761693 / 0979529106

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle